## ሪፖርታጅ

# ካልኣይ ዓመታዊ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፡ ተቐማጦ ዋሺንግቶን ዲስን ከባቢኡን ብዓወት ተዛዚሙ!

ሰንበት 20 ሕዳር 2011፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ዋሽንግቶን ዲሲን መሪላንድን ቨርጅንያን፡ ንኻልኣይ ዙርያ ዓመታዊ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፡ ሕጂ'ውን ሽነት.....ንመኸተን ጽንዓትን ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ: ውዕዉዕን ዕውትን ኣኼባ ኣካይዶም፡፡

እዚ ኣኼባ እዚ፡ነቲ ካብ ወርሒ ሓምለ ኣትሒዙ ብዝተፈላለየ ኣጸላሚ ሕብርታት እናቐያየሩ፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ካብ'ቲ ዝምርሽዎ ዘለዉ ቅኑዕ ጎደና ዕብየት፤ ሓሊኽካ ንምውዳቕ፡ ኣምሳይኡ ድማ ኣደዳ ዕግርግርን ህውከትን ክኸውን፡ ኣብ እግሪ ጸላእቱ ንኽወድቕን ዝግበር ዘሎ ዝርያ ተጻባእቲ፡ ዓጸፌታዊ ግብረ-መልሲ ንምሃብ፡ ብልሕን ስሕለት መኸትኡ ዘነጻጽረሉ፡ መርኣያ ዝልዓለ ቕሩቡነትን፡ መቐጸልታ ጥምጥም ናይ'ዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ጉዕዞን እዩ።




ኣኼባ ሰዓት 2፡30 ብመራሕ መደብ መንእሰይ መኮነን ገብረማርያም ብዝኸረ ሰማእታት ተኸፍቱ፡ ዝርዝር ትሕዝቶ መደባት ንተሳተፍቲ ኣኼባ ምስ ኣላለየ፡ መድርኽ ንወይዘሮ ፍረወይኒ ተኸስት ኣደ መንበር ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ኣመሓላለፈ፤ ወይዘሮ ፍረወይኒ፡ ንተሳተፍቲ ናይ እንቛዕ ድሓን መጻእኩም መልእኽትን ሰላምታን ምስ ኣስመዐት፡ ብምቕጻል ኣብ ውሽጢ እዘን ሹዱሽተ

ኣዋርሕ እተሰላሰሉ ዕማማት ንጥፈታት ህዝባዊ መኸተ፡ ውጽኢቱን ዝተረኸበ ኣሳልጦን፡ ብድሕሪ ሕጂ ክዕመሙ ዘለዎም ስርሓት፡ ኣብ ናይ ወጻኢ ርክባት፡ ጎስጓስን ሓቤታን፡ ንጥፈታት ወርሓዊ ድራር ኣዴታት መኸተ፡ ኣብ ወርሒ ሰነን ሓምለን ናብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ብኢመይልን ፋክስን ምድዋለን ዝተላእኩ ናይ ተቓውሞ ድብዳቤታት፡ ኣብ ምፍሻል እቲ ተሓሲቡ ዝነበረ ፈተነታት ዝነበሮን ጽልዋ፡ ጸብጻብ ኣቕረባ፡፡ ንመጻኢ እዋን ዝዕመሙ ናይ ስራሕ መደባት እውን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ድሕሪ መፈጸምታ ናይ'ዚ ዓመታዊ ገምጋም ተጌሩ፡ ንህዝቢ ክሕበር ምኳኑ ኣተሓሳሲባ።

ስዒቡ፡ ኣቶ ብርሃነ ገብሪሂወት፡ ሓላፊ ኮማውን ህዝባውን ጉዳያት ካብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትረ፡ ብእተገብረሉ ዕድመ መሰረት፡ ንኣኼበኛታት ብዛዕባ ህልው ኩነታት ሃገርና መግለጺ ክህብ ኣብ መድርኽ ደይቡ ሰላምትኡ ድሕሪ ምሃብ፣ "ነዚ ኣቐዲሙ መሪሑ ዝኸይድ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝምክት ህዝቢ፡ መግለጺ ንኸትህብ፡ እንታይ ክትብሎ ከም እትኽእል ኣዝዩ ከቢድ'ዩ" ኢሉ መደርኡ ድሕሪ ምኽፋት፣ ትሕዝቶ መግለጺኡ፡ ኣብ ሰለስተ ንኡስ ኣርእስታት ከፋፊሉ ብምቕራብ፡ ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዝተሓላለኸ መድርኽ፡ ሓያል ናይ ምርብራብ እዋን፡ ነዚ ዝሓለፈ ዓመታት ከም ህዝብን መንግስትን፡ ክገጥመና ዝጸንሐ ሓያል ተጻብኦ ናይ ርእሰ ሓያላን፡ ካብ'ቲ ቅኑዕ መትከላዊ ራኢናን፡ ጽኑዕ እምነትናን፡ ስድሪ ትኹን ንድሕሪት ነቕ ከይበልና፡ ሎሚ ካብ ስጉሚ ናብ ዝላ ነጢርና ኣሎና ኢሉ፡፡ ዝላ ንደርማስ ቑጠባውን ማሕበራውን ዕብየት፡፡ እተ ገዚፍ ወፍሪን ጉልበትን ዝፈሰሶ፡




ሰፊሕን ድልዱልን ዝሰረቱ መበገሲ ቅድመ ባይታ ዛዚምና፡ ካብ'ዚ ንድሓር፡ ህዝብና ጻማ ድኻሙን ዋጋ ጻዕሩን ዝሓፍሰሉ፡ ምዕራፍ ወይ ባብ ዝእተወሉ እዋን ተጋሂዱ ምህላዉ ኣብሪሁ።
ኤትርራውያን ጎይቶት ዑቑር ባህርያዊ ጺጋታትና፡ ወነንቲ ፖለቲካዊ መስመርና ምኳና ደጊምና ዘረጋገጽናሉ፡ ዝብል ሓረግ መንጸፍ ጌሩ ብምቕጻል፡ ነቲ እናዓረገ ዝኸይድ ዘሎ ተጻባእነት ገሊኦም ወገናትን፡ ነዚ ኹሉ መሰናኽላት ሓሊፍና ዘመዝገብናዮ ዓወታት ዓቂብና፡ ዝያዳ ንኸይንውንጨፍ፡ ብድሕሪ ሕጂ እውን

ተጻብኦታቶም ከም ዝቕጽሉ፡ ኣብ ግምት ኣእቲና ክንሰርሕ፡ ክሳብ'ቲ ናይ መወዳእታ መዓልቦ ድማ ንዝኾነ እንተታት ተቐሪብና ክንመርሽ ምዃና ሓቢሩ።

መንግስቲ ኤርትራ ንቐጻሊ ጥሙር መኸተ፡ ጻዕሪ ከሐይል ፍሉይ ኣተኩሮ ሂቡ፡ ዳግመ ዝተወደበ ስትራተጂካዊ ዲፕሎማሲ ውጥን ኣውጺኡ፡ ምሰ ኩሎም ኣካላት ብንጥፈት ክንቀሳቐስ፡ እንተላይ ምስ ምምሕዳር ፕረሲደንት ኦባማ ጻዕሪ ከዛይድ ምንቅስቓስ ክግበር ምዃኑ ደጊሙ ኣብሪሁ።

ብምቕጻል ነቲ ካብ ሓምለ ኣትሒዙ፡ ብወያነን ሓብሓብቱን ተጻሒፉ፡ ብወኪላት ጋቦንን ኣልጀርያን፡ እገዳ ንምኽራር ዝግበር ዘሎ ጸፋዕፋዕ፡ እቲ ንመቕጽዒ ተባሂሉ ዝቐረበ ነጥብታት፡ ኣዝዩ ዘነውርን ዘስደምምን ብምንባሩ፡ ኣብ መብዛሕትኤን ኣባላት ቤት ምኽሪ ተቐባልንት እኳ እንተዘይረኸበ፡ እቲ ሃነፍነፍ ኣየቛረጹን። ብወገን መንግስቲ ኤርትራ እውን ኣብ ሓቂ ረጊጹ ኣበርቲዑ እሰርሕ ምህላዉ ገሊጹ።




ኣብ መወዳእታ መደርኡ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ'ታ ዕርዲ ጅግንነት፡ መካነ ኣሸሓት ስውኣትና፡ መዲና ርእሰ-ከተማ ሰውራ ኤርትራ ዝኾነት ናቕፋ፡ሓደ ዓቢን ታሪኻውን ዋዕላ መንእሰያት ኤረትራውያን፡ ካብ ምሉእ ዓለም ዝተዋጽኡ ክካየድ ምዃኑ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም፡ ኣማኢት መንእሰያት ክሳተፉ ምድላዋቶም አጻፍፉ ከም ዘለዉ፡ ንኣኼበኛታት ኣበሲሩ።

እዚ ኸኣ ኤርትራውያን መንእሰያት በጺሖሞ ዘለዉ ዕብየትን ድልዳለን መርኣያ ኮይኑ፡ ኣስሪጸሞ ዘለዉ ሃገራዊ ፍቕርን፡ ቅሩብነት ብቕዓትን ንዝለዓለ ሓላፍነት ዘተኣማምን መድርኽ ተበጺሑ ምህላዉ ዘገንዝብ ምኳኑ ኣረዲኡ።
እዚ ኸኣ ኤርትራውያን መንእሰያት በጺሖሞ ዘለዉ ዕብየትን ድልዳለን መርኣያ ኮይኑ፡ ኣስሪጸሞ ዘለዉ ሃገራዊ ፍቕርን፡ ቅሩብነት ብቕዓትን ንዝለዓለ ሓላፍነት ዘተኣማምን መድርኽ ተበጺሑ ምህላዉ ዘገንዝብ ምኳኑ ኣረዲኡ።

ኣብ መዛዘሚ ዘረብኡ፡ ዜጋታት ኣብ ኣተሓሳስባን ንቕሓትን፡ ኣርሒቕካ ኣብ ምርኣይን፡ ጸብለልትነት፡ ተጸዋርነት፡ ተወፋይነትን ዘመስከርሉ መድርኽ ብምህላውና፡ ዘኹርዕን ዝነኣድ እዩ። ኮይኑ ኸኣ ውዳቢኡ ሓይሉን ዓቒቡ ንቕድሚት ክግስግን ኣዘኻኺሩ።

ቐጺሉ ኣቶ ዳዊት ሃብተ፡ “ኣሰሩ ኮነ ጽላሎቱ ዘይተረኽበ ምትሃታዊ ደርቅን ዓጸቦን ኣብ ኤርትራ” ዝብል ኣርእስቲ ሒዙ እዩ ቐሪቡ። ኣቶ ዳዊት፡ ኣብ መኽፈቲ መግለጺኡ፡ “ነዚ ኣርእስቲ ወይ ጽሑፍ እዚ ክጽሐፍ ወይ ከኣ ክገልጽ ዝደረኸኒ፡ እቲ ቕደሚ ንኤርትራ ምብጋሰይ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ፡ ብሰብ መዚ ምምሕድዳር ዋሽንግቶን፡ ገና ክራማት እናኣተወ እንከሎ፡ ኣብ ኤርትራ ሓደ ዓቢ ክፋል ካብ ህዝቢ ኣደዳ ደርቅን ጥምየትን ከይኑ ከም ዘሎ፡ መንግስቲ ድማ ‘ልግሲ’ ናይ ግብረ-ሰናይ መንግስታት ንኸይረክብ ኮነ ኢሉ ካብ ገጽ ዓለም ከም ዝሓብኦ፡ ዝነዝሕዎ ዝነበሩ ወረታት፡ ኣብኡ ምስ ኣተኹ ግን፡ ኣብ ባይታ ዘጋጠመኒ፡ ዓይነይ ዝርኣዮ እዝነይ ዝሰምዖ፡ ብኣንጻሩ ኮይኑ ስለ ዝረኸብክዎ እየ፡ ነቲ ሓቒ ንምግላጽ ዝተበገስኩ” ይብል።




ኮይኑ ኸኣ ኣእጋሩ ኣብ መሬት ኤርትራ ካብ ዝረገጾኦን ዝዳህሰሶኦን ስፍራታት፡ በብሓደ እርይ ልቕም ኣቢሉ፡ ንኩነታት ድንፋዐ ሕርሻን፡ ኩነታት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ምስፍሕፋሕን ምዕማርን በቢዓይነቶም ኣግራብ፡ ዕብየትን ዝርግሐን ምርኢት ሓምላይ ኅቦታትን ስንጭሮታትን፡ ምድልዳል ዛላታትን፡ ምዕቛር ማይን ከትርታትን፡ ምስሳን እንስሳ ዘቤትን ዘገዳምን፡ ዘሕደረሉ ተምሳጥ፡ ንተሳተፍቲ

ትሕዝትኡ ንግፍ ኣቢሉ ብምቕራብ፡ ነቲ ዝሕፈስ ምህርትን ሽሻይን ናብ ቖፎታት ንምምላእ ህዝብን መንግስትን ኢ.ደይ-ኢ.ድካ ክብሃሃሉ "ምስ ጸያቕ ማዕጺድ ይቀዳደሙ ኣለዉ" ዝብል ጥዑም ብስራት ሂቡ።
ንድሕሪት ተመሊሱ ድማ፡ ብዛዕባ እቲ ኮነ ኢ.ልካ ዝተበተነ መሰረት ዘይብሉ ሓሶት፡ ፖለቲካዊ ፕሮፓጋንዳ ምስ ካልእ ኣጀንዳ ዝተኣሳሰረ ኮነ ኢ.ልካ ዝራባሕ ሓሶት እምበር፡ሓቅነት ከምዘይነበሮ፡ ነቲ ካብ መዓልቲ መዓልቲ ዘፈልፍልዎ ዘለዉ ፈጠራታት መራጎዲ ዝኾኖም ብልሓት ምኻኑ ከረጋግጽ ኪኢለ ኢሉ" ነዚ ንምቅላዕ ድማ ዜግነታዊ ሓላፍነተይ ደሪኹኒ፡ ክብል ደጊሙ ኣነጺርዎ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ጥዑም ሓበሬትኡ፡ ነቲ ብዓይኑ ዝርኣዮን ካሜርኡ ዝሰነደቶን ሓቅታት እትገልሕ፡ ንተሳተፍቲ ዝመሰጠ ብጥዑም ሙዚቃ ዝተሰነየ ናይ ሓሙሽተ ደቓይቕ ስእላዊ ምርኢት ጌሩ መደቡ ዓጽዩ።

ኣብ መወዳእታ መግለጺ ዘቕረበ፡ ዶክቶር ግዴዎን ኣባይ ኮይኑ፡ እቲ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጭብጥታትን መርትዖታተን ከይተረኽቦ፡ ዝሓለፈ ዘይርትዓውን ዘይፍትሓውን እገዳ፡ ኣብ ልዕሊ ልኡላዊት ሃገርና፡ ነቲ ክሳብ ሕጂ ዝሓልፎ ዘሎ ምዕባሌታት፡ ብግቡእ ንምፍላጥን ንምክትታታልን ዘነጽር፡ "መኸተናን፡ እቲ ሕብሩ እናቐያየረ ዝደጋገም ተጻብኦታትን" ብዝብል ዘዳለዎ መዛተዪ ኣርእስቲ፡ ሰፊሕ ምርምርን ሓበሬታዊ ዕምቖትን ዝነበሮ፡ መግለጺ ሂቡ።
ንድሕሪት ተመሊሱ ኣብ ውሽጢ እዚ ዝሓለፈ 13 ዓመታት፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ምምሕዳር ኣመሪካን፡ ቅድሚኡ ዝነበሩን ክልተ ምምሕዳራትን እናተባራረዩ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ዝፈጸምዎ ሃስያታት፣ ስርዓት ወያነ ኩናት ከፊቱ፡ ዝሓለኖ ኮንቱ ምስ ኮነ፡ ድሕሪኡ ነቲ ግጭት፡ ሰላማዊ መዓልቦን ሕጋዊ መደምደምታን ክግበረሉ፡ ብጽቡቕ ሕልናን ምስ ተበገሰና፡ ዘሕደርናሎም እምነት ጠሊሞም፡ ብስዉር ምስ'ቲ ጃንዳ ዝገብርዎ ዝነበሩ ውዲታት፡ ኣብ'ቲ መስርሕ ሰላም፡ እቲ ጃንዳ ክዕወት ኩሉ መዳያዊ ሓገዛት ኣቐቢሎሞ፡ ኩነታት ምኻን ምስ ኣበዮም፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ መጉቱ ምስ ረትዐ፡ ኣብ ትግባረ ምሕንጻጽ ዶብ እብ ባይታ፡ ንክሕንግድ ካብ ግዝኣትና ንኽይለቕቕ ብምትብባዕ፡ ድሒሩ ኣብ ታሕሳስ 2009፣ ዝተኣልመ ናይ ምክልኻል ዓቕምና ንምድራት ዝተወጠነ ተወሳኺ በደል፡ ኣድልዎን፡ ገና መመሊሱ ዝዓርግ ዘሎ ተጻብኦን ፈጠራ ክስታትን፡ ኣብ ጭቡጥ መርትዖታት ዝተመስረተ ሰፊሕ ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።
ዶክቶር ግደዎን ነቲ ጉዳይ ፈታቲት እዩ ተመራሚሩሉ። ንሓበሬታቱ ዘራጉድ መረዳእታት ድማ፡ እቲ ካብ 2006፡ ጀሚሩ ክሳብ 2009 በቢ.እዋኑ፡ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰለስተ ምምሕዳራት፡ ካብ'ቶም ኣስመራን ኣዲስ አበባን ዝነበሩ፡ ዝተፈላለዩ ኣምባሳደራት፡ እቲ ብስዉር ዝእክብዎ ዝነበሩ፡ ኣብ ምህዞን ውዲትን ድሌትን ዝተመርኮሰ፡ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራ ካብ ማሕበረ ሰብ ዓለም ንኽንጸል፡ ባይታ ዘጠዓዕም ሽርሕታት፡ በቢ.እዋኑ ምስ'ቲ ጃንዳ ዝተኻየዱ ርክባት፡ ዝተበጽሑ ዝርርባትን ስምምዓትን፡ እሞ ኸኣ ከም መወከስን መበገሲ ፖሊሲ መንግስቲ ኣመሪካ ከገልግል፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ. ዝምድናታት ዋሺንግቶን ዝልኣኹ ዝነበሩ ኬብላት፡ ዝርዝራቶም ብመልክዕ "ስቱር፡ ምስጢር፡ ጥበቂ ምስጢር" ወዘተ..ብዝብል ኮዳት ኣብ መርብበ ሓበሬታ ዉኪሊክ ዝለሓኹ ሰነዳት፡ ነቲ ሓቐ ዘብርህን ዘቓልዕን ምንባሩ ኣነጺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ነቲ ጽሑፍ ናይ ሞኒቶሪንግ ግሩፕ ዘቕረቦ ዘሕፍር ናይ 420 ገጻት ልቢ ወለዳዊ ጽሑፍ፡ ዘይሓላፍነታውን ትሕዝቶ ኣልቦን፡ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ድርዳር ዝርዝራት፡ ገሊኡ ዘገርም፡ ገሊኡ ዘሕዝን ሑሱር ኣቀራርባ ዝሓቖፈ እዩ ኔሩ። ብኽምዝን ወዲ'ዝን ድማ ሂይወት ናይ ምልዮናት ኣህዛብ ጸጥታን ርግኣትን ክትዝርግ ዝግበር ዘሎ መርኣያ ዕንደራታት፡ ምኻኑ ኣስሚርሉ።




ብሳላ ሓያልን ጽኑዕን ጥሙርን መኸተና ግን እቲ ንዳግማይ ዝኸረረ ተወሳኺ ቑጠባዊ እግዳ ንምሕላፍ፡ ንግዚኡ ተቐባልነት እኳ እንተዘይረኸበ፡ ብኻልእ መልክዕ ሓድሽ ዝሕበሩ ተዋስኦታት፡ ምስ እዚ ኣብ ሶማል ዝግበር ዘሎ ናይ መንግስቲ ከንያ ውጹእ ሓሶታት፡ ኣብ ካልእ ዕንክሊልን ሸንኮለልን ኣትዮም ከም ዘለዉ ኣብሪሁ።

ስለዚ ቃልስናን መኸተናን ከነሐይል፡ ንምብርካኽና ዝግበር ኩሉ መሰናኽላት፡ ነቲ ኣብ'ዚ ናይ ሰብዓ ዓመታት ናይ ቃልሲ ጉዕዞና ዘጥረናዮ ፍቱን ተመክሮ፡ ዳግም ክረጋገጽ ምኻና ብርእሰ ተኣማምነት መግለጺኡ ዛዚሙ።

ብድሕሪ'ዚ ገዛ፡ ብመሰረት እቲ ዝተዋህበ መግለጺታትን መብርሂታትን ናይ'ዚ ህልዊ ኩነታትን፡ ነቲ ንህዝብናን መንግስትናን ኮነ ኢልካ ንምክፍፋልን ንምጉዳእን ዝግበር ዘሎ ዘይቅቡል ኣካይዳ ናይ ዝተፋላለዩ ሓይልታት፡ ብምሉእ ድምጺ እዚ ዝስዕብ ውሳነ ኣሕሊፉ።

## ውሳነታት ህዝባዊ መኸተ፡ ዋሽንግቶን ከባቢኣን፡

ንሕና ኣብ ከተማ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን እንርከብ ኤርትራውያን፡ ሰንበት 20 ሕዳር 2011 ኣብ ዝገበርናዮ ካልኣይ ዓመታዊ ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፡ ብዛዕባ ኣብ ሃገርናን ከባቢናን ዘሎ ህልዉ ኩነታት እቲ ተደጋጊሙ መሰለትና ደዊኑ፡ ሃገራዊ ስኒትና ዘሪጉ፡ ናህሪ ሃገራዊ ልምዓትና ንምኹላፍ፡ ብዓቢኡ ኸኣ ልኡላዊ ህላወና ንምቑጻይ ዝግበር ተጻብኦታት ኣዕሚቑና ድሕሪ ምዝታይ፡ እዚ ዝስዕብ ዉሳነታት ብምሉእ ድምጺ ነሕልፍ።




1. ነቲ ኣብ ዉጹእ ሓሶት ተመስሪቱ፡ ብድፌኢት መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራ እተስገደደ፡ ናይ 23 ታሕሳስ 2009 ዘይምኽኑይን ዘይፍትሓዉን እገዳ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ብዘይ ዉዓል ሕደር ክልዓል ንጽውዕ።

2. እቲ ንኣብ ደገ እንርከብ ኤርትራውያንን ንቑጠባ ሃገርናን ዒላማ ዝገበረ፡ ብመንግስቲ ኣሜርካን ኢትዮጵያን ተጻሒፉ፡ ብሽም ጋቦንን ናይጀርያን ናብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ቐሪቡ፡ ተሳኺ እገዳ ንምሕላፍ፡ ትንዕ ዝብል ዘሎ እማመ ንኹንን።
3. ኣብ ብይን ኮምሽን ዶብ ንኽይትግበር ሓንጊዱ፡ ኣህግራዊ ዶብ ጥሒሱ፡ ልእላውነት መሬት ኤርትራ ጎቢጡ ዘሎ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ካብ መሬት ኤርትራ ክወጽእን ልዕልና ኣህግራዊ ሕጊ ክርዕምን ኣትሪርና ነስምዕ።
4. ነታ ህይወት ብሉጻትን ምሩጻትን መንእሰያታ ዘምጽኣትን ዝዓቀባን ሃገርና፡ እቲ ባዕላትና ዘንቀልናዮ፡ ቅዱስ ናይ 2% መሕወይ ግብሪ፡ ንኤርትራ ውሒድዋ እምበር ኣይበዝሓን። ስለ'ዚ ነቲ ኢድናን እግርናን ኣሕጺሩ፡ ምስ ህዝብናን ሃገርናን ዘሎና ምትእስሳር ንምብታኽ ዝዓለመ ተንኮል ጸላእትና ብዘይ ነግ ፈረግ እናኾነንና፡ መሕወይ ግብሪናን ካልእ ኩሉ ካባና ዝድለ ዘበለ ሃገራዊ ጉብኣትና ንምፍጻም ከም ወትሩ ድልዋት ምዃና ደጊምና ነረጋግጽ።
5. ነቲ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ልምዓትን ዲፕሎማሲያዊ ጎስጓስን ብዝገብርዎ ዘለዉ ዝንኣድ ስራሕ እናኣሞጎስና፡ ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝብናን መንግስትናን ከም ዘሎና ደጊምና ነረጋግጽ።
6. ነቲ ንኻሊኢት'ኳ ትኹን ከዕረፍ ከይበለ፡ ልእላውነት ሃገር ኣውሒሱ፡ ኢዱ ስጋብ ዝምንጉድ፡ መንክቡ ጽዖት ስጋብ ዘውጽእ፡ ጾር ሃገር

ተሰኪሙ ዘሎ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እናሞጎስና፡ ኣብ ጎኑ ከም ዘሎና ነረጋግጽ።

7. ነቲ ብዝተፈላለየ ሜላታትን ምስምሳትን ሰሊኹ ኣትዩ፡ ርግኣት ኣጥፊኡ፡ ስኒት ህዝቢ ዘሪጉ፡ ተወፋይነት መንእሰያት ከማህምንን ሓድነት ህዝብን መንግስትን ከጥፍእ ዝሃቀነ ተንኮላት ርኹስ ሕልናን ኣጥቢቕና እናኾነንና፡ ንትኩርነት ዓቃል ኣተሓሕዛ መንግስቲ ኤርትራ ነሞጉስ። ንኹሉ ንሃገርና ንምህሳይ ዝህቅን ሽርሕታት ንምብዳህ ድሉዋት ምህላውና'ውን ነረጋግጽ።

20 ሕዳር 2011፡
ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!